# መስከረም ኣበስሪ እንታይ ተሳቢዩ ዓዋተ

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

መስከረም ኣበስሪ እንታይ ተሳቢዩ ዓዋተ
ንናጽነት ብረታዊ ቃልሲ ዝመስረተ
ዝተሰወኤ ሰውራ ተተኺሉ ምስ በለ ታተ
ናይ ዓዋተ ዕላማ ክዕወት ኑዑ ንዛተ
ሓቢርና ንመክቶ ብናጽነትና ዝተጻወተ።

መንግስቱ ተተኪኡ ብዝበልናካ ግበር ዝብሉ
ኣካሉ ዝጎደለ ጅግና መሰል የብልካን ተባሂሉ
ብጅግንነቱ ኣብ ስልጣን ዝደየቡ ተጨውዩ መሰሉ
ኣብ ጎቦታት ማይ ሓባር ነፋሲት ዳግማይ ሰንኪሉ።

መንእሰያት ባርነት ጽሮቱ ሲኢኖም
ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ጎዳጉዲ ሰፊሮም
ብሰንኪ ምሕደራ ህግደፍ ሃገሮም ጸሊኦም
ገለ ኣብ ሳሃራ ገለ ኣብ ዊቂያኖስ ጠፊኦም።

ኣብ ዓዲ ዓዋተ እቲ ጠላም ነጊሱ
ህዝቢ ይጠሚ  ጮማ ይበልዕ ንሱ
ወለዲ ስውኣት ኣብ ጥራይ ካብዶም ይድቅሱ
ህግደፍ ኣብ ኣውሮጳ ኣመሪካ ይፍወሱ
ወለዲ ስዉኣት ሳኣን ዝፍውሶም ይሞቱ።

ጉድ ረኺቡ እቲ ሃገር ነጻ ዘውጻኤ
ተዋሪድና ብከም ድራኩላ ደም ዝጸምኤ
መስከረም ተዳሃይ ንዳግማይ ትንሳኤ

ዓወት ንሓፋሽ እንዳ በለ ህዝቢ ዘዔሸወ
ሰማዒ ሲኢኑ እቲ ኣካሉ ጎዲሉ ዛኣተወ
ንሱን ጃንዱኡን ብደም ንጹሃ ዝጨቀወ
ተጠሊሙ እቲ ሓሙሽተ ዝበጀወ።

መን እዩ ተሓተቲ እስከ ንበል ሃሰስ
ብጥፍኣት መንእሰይ መታን ከይንኽሰስ
ክነድሕኖም ካብ ምድረበዳ ዊቂያኖስ
ህዝቢ ብሰላም ክነብር ሓቢርና ንቃለስ።

መስከረም ሓብሪ እቲ ቁኑዕ መንገዲ
ተሳዓል በልዮ ንኣብ ሰደት ዘሎ ወዲ ዓዲ
ተሳዚብና ክንበትኮ ናይ ህግደፍ ቀይዲ።

*ወለዲ ሰማእታትና መታን ክዕልላ*
*የእዳው ህግደፍስዊያ ዓዲ ክውዕላ*
*ኣብ ኣስመራ ኢና ንገብር ካላኣይ ዋዕላ።*

*ህዝቢ ኤረትራ ጠምዩ ዓሪቑ ወዲእዎ ቁሪ*
*ወደባት ኣብ ገዛእ ሃገሩ ሰኢኑ ክብሪ*
*መስከረም ኣሕጽርዮ ናይ ህግደፍ ዕምሪ።*

*ብዘይ ናይ ህዝቢ ፍቃድ ባንደራ ዝቐየረ*
*ጊጋና ናኣርም ዝበሉ መቓልስቲ ዝቐንጸለ ዝኣሰረ*
*ኤረትራ ህዝባ ኣየድልየናን ዝብል ጭርሖ ዘተግበረ*
*ኤረትራ ብዘይ ህዝቢ ክይተረፈት ነልግሶ ደቂ ኤረ።*

*ደቂ ሃገረይ ህዝቢ ንምድሓን ንባራበር*
*ማሓውር ጃንዳ ኢሰያስ መታን ክስበር*
*ሕልሚ ሰማእታትና መታን ክትግበር*
*ኣብ ጎኒ ኤረትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ንስመር*
*ናዓመታ መስከረም ኣበስመራ መታን ክነኽብር።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊትለምለም*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን*